# ረፈረንዶም ስለምንታይ ተደለ?



The PGE Secretary General, Mr. Issaias Afwerki, Casts His Vote
"Mission Accomplished"

እቲ ነዊሕ ጉዕዞ ምስ ሓጸረ፡
ፈጺሙ ብዓወት ከይሰኸረ፡
ሓሰበ ኤርትራ ከገብራ ምስ ዓለም ማዕረ ማዕረ።

ወግዕነት ከትሕዛ ረፈረንዶም ምስ በለ፡
ብዙሓት ኔሮም ዝብሉ ሻዕብያ ተጻለለ፡
ኣይሰኣንን ሸዑ ስለ ግንባር ተማሕለለ።

ረፈረንዶም ኢልካ እንታይ ዘረብኡ፡
ናጽነት ኣምጺኡ እንድዩ ሓፋሽ ተዋጊኡ፡
የለውን ጸላእቲ ሓርነትና ዝምንዝዑ፡
ክላ ግደፍዎ እዚ ስራሕ ቆልዑ።

እንተኾነ ሓሲቡ ርሑቅ ዝጠመተ፡
ብግዝያዊ ዓወት ሓሳቡ ከይዓገተ፡
ሓፋሽ መሪሑ ንዳግማይ ዓወት መከተ።

እወ ትብል ጽሑፍቱ ኣብ ሳጹን ከእቱ፡
ምስቲ ፍሕሹው ገጽ ሓለንጋይ ቁመቱ፡
ሓፋሽ ተኸተሎ ወረቐቱ ከእቱ።

ኤርትራዊ ዝነበረ ኣብ ኩሉ ዓለም፡
ከድምጽ ተጓየየ ብዘይ ቀልዓለም፡
ውጺኢት ተራእየ ዘስደመመ ንዓለም።

ሃገር ምስ ሰቐለት ናይ ዓወት ጋማ ፡
ሓፋሽ ኣብ ገጠር ዘሎ ይኹን ኣብ ከተማ፡
ቕኒቱ ቃነየ ናይ ሓጎስ ዋዜማ።

ዓቢ ብጸሎት እናተማህለለ፡
መንእሰይ ተላዕለ ሆ- ሆ እናበለ፡
ዝዓነወ ከሃንጽ ናውቱ ኣልዓለ።

ኩሉ በለ ዘብዘብ ጉያ ጉያ፡
ዕጥቂ ዓጢቑ መትከል ሻዕብያ፡
ዝዓነዋ ባቡራት ከጽግን ኣብ ፎሮብያ፡
ፍረ ነጻነት ሸዑያ ተራእያ።

ጉዕዞ ሕዳሰ እና ቐጸለ፡
ሓሙሽተ ዓመታት ምስ ኣበለ፡
ቅንኢ ጃንዳ ከም ማይ ውዑይ ገንፈለ።

ጠላም ዝነበረ ከደ ገለለ፡
ካብ ጸጋማይ መስመር የማን ተኸተለ፡
ጉጅለታት ከፈጥር ላዕልን ታሕትን በለ።

እንተኾነ ኣይሰለጦን ድሌቱ፡
ምሕካል መሪጹ ኣብ ጎረበቱ፡
ቶንኮል ጌሩስ ኤርትራ ነይኣቱ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር
ጥቅምቲ 19, 2017